# ጊዚያዊ ቤት ምኽሪ ትግራይ ንምጥያሽ ዝተዳለወ መበገሲ ረቂቕ

**ደንቢ ቁፅሪ-----/2016 ዓ.ም**

**2016 ዓ.ም**

**መ ቐለ**

**ጊዚያዊ ቤት ምኽሪ ትግራይ ንምጥያሽ ዝወፀ ደንቢ ቁፅሪ _ _ _/2016ዓ.ም**

ትግራይ ብፍላይ ኣብዞም ዝሓለፉ 3+ ዓመታት ናይ ህልውና ሓደጋ ዘስዓበ ፅንተታዊ ኩናት ኣተኣናጊዳ እያ። እዚ ሓደጋ መወዳእታ ጥቅምቲ 2015 ኣ.ግ ዝተኸተመ ተፃብኦ ብቀዋምነት ደው ናይ ምባል ስምምዕነት ስዒቡ እውን ዝተገትአ ኣይኮነን። እኳ ድኣስ ዓይነቱን መልክዑን እናተለዋወጠ ኩነታት ትግራይ ናብ ኣዝዩ ተኣፋፊ ኩነታት ዓብዩ ኣሎ። በዚ መንፅር ትግራይ መሰል ርእሰ ወሰንኣ ኣብ ዝተሓደገትሉ፣ ስርዓተ መንግስታ ኣብ ዝፈረሰሉ፣ ግዝኣታውን ብሄራውን ሓድነት ትግራይ ኣብ ሓደጋ ዝወደቐሉ፣ ኣብ መዋእል ትግራይ ምናልባት ተራእዩ ብዘይፈልጥ ብርኪ ሰብኣዊ ቅልውላው ኣብ ዘለሉ፣ መንግስታዊ መሓውር ኣብ ዝተዳኸመሉ፣ ፖለቲካ ሓይልታት ትግራይ ፍልልዮም ኣብ ዝሓየለሉ ኩነታት፣ ብሄራዊ ረብሓታት ትግራይ ኣብ ሓደጋ ኣብ ዝወደቐሉ ኩነታት ምህላውና ዝሰሓት ኣይኮነን። ስለዝኾነ ኣብ ትግራይ ክህሉ ዝግባእ ስርዓት ብሓፈሻ ትካላት ድማ ብፍላይ ነዚ ፍሉይ ኩነታት ኣብ ግምት ዘእተወን ነቲ ዘለናሉ ኣዝዩ ዝተሓላለኸን ተኣፋፍን ኩነታት ንምፍታሕ ዘኽእል ጊዚያዊ ቤት ምኽሪ ምጥያሽ ኣገዳሲ ኮይኑ ስለዝተረኸበ፣

እቲ ጊዚያዊ ቤት ምኽሪ ሓቛፋይነት ብዘረጋግፅ ካብ ከመይ ዝበሉ ክፋላት ሕብረተሰብን ውዳበታትን ክጣየሽ ከምዝግባእ፣ ዝህልዎ ተግባርን ሓላፍነትን ኣወዳድባ ኣካላት እቲ ጊዚያዊ ቤት ምኽሪ ፣ ተግባርን ሓላፍነቶምን ምውሳን ኣገዳሲ ምኳኑ ስለዝተኣመነሉ፣

ጊዚያዊ ቤት ምኽሪ ጊዚያዊ ምምሕዳር ትግራይ ነዚ ደንቢ እዚ ኣውፂኡ ኣሎ።

## ክፍሊ ሓደ

## ሓፈሻዊ ድንጋገ

**ዓንቀፅ 1. ሓፂር ርእሲ**

እዚ ደንቢ "ደንቢ መጣየሺ ጊዚያዊ ቤት ምኽሪ ጊዚያዊ ምምሕዳር ትግራይ" ተባሂሉ ክጥቀስ ይኽእል።

**ዓንቀፅ 2.ትርጉም**

1. "ጊዚያዊ ምምሕዳር" ማለት ብመሰረት ስምምዕ ሰላም ፕሪቶሪያ ዝተጣየሸ ጊዚያዊ ቤት ምኽሪን ካቢኔን ዝሓቖፈ ጊዚያዊ ምምሕዳር ክልል ትግራይ እዩ።
2. "ፕሬዚደንት" ማለት ፕሬዚደንት ጊዚያዊ ምምሕዳር እዩ።
3. "ካቢኔ" ማለት ካቢኔ ጊዚያዊ ምምሕዳር እዩ።

4. “ጊዚያዊ ቤት ምኽሪ ” ማለት ብመሰረት ስምምዕ ፕሪቶርያ ዝጣየሽ ሓደ ኣካል ጊዚያዊ ምምሕዳር ኮይኑ ካብ ዝተፈላለዩ ክፋላት ሕብረተ-ሰብ ዝተውፃዕኡ ሰባት ብኣባልነት ዝሓቖፈ ብስምምዕ ካብ ኩሉ ክፋል ሕ/ሰብ ትግራይ ዝተጣየሸ ኣካል እዩ።

5. “ኣካቢ” ማለት ካብ መንጎ ኣባላት ቤት ምኽሪ ብኣባላት ተመሪፁ ዝምደብ ኣካቢ እቲ ቤት ምኽሪ እዩ።

6. “ፀሓፊ” ማለት ካብ መንጎ ኣባላት ቤት ምኽሪ ብኣባላት ተመሪፁ ዝምደብ ፀሓፊ እቲ ቤት ምኽሪ እዩ።

7. “ኣካላት ጊዚያዊ ቤት ምኽሪ” ማለት ኣካቢ፣ፀሓፊ፣ሓባር ኮሚቴን ኮሚቴታትን ዝሓቖፈ እዩ።

8. “ኮሚቴ” ማለት ኣፈፃፅማ ትልሚ ጊዚያዊ ምምሕዳርን ካልኦት መንግስታዊ ኣካላትን እናተኸታተለ ንክድግፍ ካብ መንጎ ኣባላት ጊዚያዊ ቤት ምኽሪ ብዝተውፃዕኡ ኣባላት ዝተመስረተ ኮሚቴ እዩ።

9. “መተሓባበሪ” ማለት ካብ መንጎ ኣባላት ኮሚቴ ተሓርዩ ንኮሚቴ ከተሓባብር ዝምደብ ሰብ እዩ።

10. “ሓባር ኮሚቴ” ማለት ኣካቢ፣ፀሓፍን መተሓባበሪ ኮሚቴታትን ዝሓቖፈ ኮሚቴ እዩ።

11. “ኣባል ወይ ኣባላት” ማለት ከም ቅደም ሰዓቦም ኣባል ወይ ኣባላት ጊዚያዊ ቤት ምኽሪ እዮም።

12. “ቤት ፅሕፈት” ማለት ቅድሚ ሕዚ ቤት ፅሕፈት ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ ዝነበረ ኾይኑ ሕዚ ድማ ቤት ፅሕፈት ጊዚያዊ ቤት ምኽሪ ኮይኑ ዘገልግል እዩ።

13. “ሰብ” ማለት ተፈጥሮኣዊ ወይ ብሕጊ መሰል ሰብነት ዝተወሃቦ ኣካል እዩ።

**ዓንቀፅ 3** **<u>ኣገላልፃ ፆታ</u>**

ኣብዚ ደንቢ ብተባዕታይ ፆታ ዝተገለፀ ኣንስተይቲ ፆታ’ውን ዝሓውስ እዩ።

**ዓንቀፅ 4** **<u>ወሰን ተፈፃምነት</u>**

እዚ ደንቢ ኣብ ልዕሊ ጊዚያዊ ምምሕዳር፣ ቤት ምኽሪ፣ ኣባላትን ኣካላትን ጊዚያዊ ቤት ምኽሪ ተፈፃምነት ይህልዎ።

**ዓንቀፅ 5** **<u>ዕላማ</u>**

ዕላማታት ምጥያሽ ጊዚያዊ ቤት ምኽሪ እዞም ዝስዕቡ እዮም።

ሀ. መሰል ዓርሰ ምሕደራ ትግራይ ምውሓስን ምርግጋፅን፣

ለ. ቀፃሊ መረፃ ዲሞክራስያዊን ተኣማኒን ክኸውን ባይታ ምንፃፍ

ሐ. ብሄራዊ ዘተን ዕርቅን ብምትእትታው ብሄራዊ ምርድዳእ ምስፋን፣

መ. ጠንካራ፣ ቅቡል፣ ዴሞክራሲያዊ ጊዝያዊ ምምሕዳር ብምግሃድ፤ ንናይ ትግራይ ዴሞክራታዜሽን ከይዲ መሰረት ምንባር፣

ረ. ኣብ ብሄራዊ ዛዕባታት ትግራይ ሓድነት ፖለቲካ ሓይልታት ብምግሃድ፤ ኩሎም ዓቕምታት ተጋሩ ኣኪብካ እምነ ሰረት ማእኸል ቁጠባን ፖለቲካን ትግራይ ምንባር ፣

ሰ. ምስ ጎረባብቲ ህዝብታት ሓበራዊ ረብሓ መሰረት ዝገበረ ዝምድና ምጉልባት ዘኽእሉ ተግባራት ምፍፃም፣

ሸ. ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያን ማሕበረሰብ ዓለምን ዝግበሩ ድርድራት ረብሓታት ትግራይ ማለት እውን ዘላቒ ሰላም፣ ሕውየትን ዳግመ ህንፀትን ትግራይ ብዘረጋግፅ ኣገባብ ምኺኑ ምክትታልን ምቁፅፃርን፣

በ. ኣብ ፈፃሚ ኣካል ጊዝያዊ ምምሕዳር ናይ ክትትል፣ ቁፅፅርን ድጋፍ ስርዓት ብምዝርጋሕ መደባቱን ዕማማቱን ንምፍፃም ዝሕግዝ ምቹው ኩነታት ምፍጣር፣

ቀ. ህፁፅ ፍታሕ ዘድልዮም ጉዳያት ማለት እውን ምርግጋፅ ግዝኣታዊ ሓድነት፣ ቀረብን ክፍፍልን ሰብኣዊ ሓገዝን፣ ተመዛበልቲ ናብ መረበቶም ምምላስን ብዝምልከት ኣፈፃፅምኦም ምክትታል።

## <u>**ክፍሊ ክልተ**</u>

### **ዓንቀፅ 6.** <u>**ምጥያሽ ኣወዳድባን ኣሰራርሓን**</u> ጊዚያዊ ቤት ምኽሪ

ጊዚያዊ ቤት ምኽሪ ጊዚያዊ ምምሕዳር ትግራይ ድሕሪ ሕዚ ’’ጊዚያዊ ቤት ምኽሪ’’ እናተበሃለ ዝፅዋዕ በዚ ደንቢ እዚ ተጣይሹ ኣሎ።

**ዓንቀፅ 7.** <u>**ተዋፅኦ**</u> ጊዚያዊ ቤት ምኽሪ

1. ጊዚያዊ ቤት ምኽሪ ነዚ ፀገም ከሳግሩ ዝኽእሉ ብቑዓት ዝሓቖፈ ኮይኑ ካብ እዞም ዝስዕቡ ኣካላት ዝተውፃዕኡ 101 ኣባላትን ኣባላት ካቢኔ ጊዚያዊ መንግስቲን ዝሓቖፈ ይኸውን።

   ሀ. ካብ ውድባት ፖለቲካ ሕድሕድ ብማዕረ ዝውክልሉ 60 (ሱሳ) ሰባት (60%)

   ለ. ካብ ሲቪል ማሕበራት ትግራይ 21(20.5%) ኮይኑ ኣብዚ ዝሕቆፉ ኩሎም ዝተመዝገቡ ሕጋውያን ማሕበራት ብማዕርነት ዝተወከሉ 9 ፣ ብማሕበር ካብ ዝተወደቡ ምሁራት ትግራይ 6፣ ካብ ተመዛበልቲ 6 ሰባት፣

ሐ. ኣብ ዝሓለፉ ስለስተ ናይ ፅንተት ኩናት ዝተሳትፉ ተጋደልቲ ትግራይ ዝወከልዎም 20 ሰባት (20%)

2. ካብ ፖለቲካ ውድባት ወፃኢ ዘለዉ ተወካሊ ናይ ዝኾነ ውድብ ፖለቲካ ኣባል ክኸውን የብሉን።

**ዓንቀፅ 8.** **<u>ተፀዋዕነት</u>**

1. ጊዚያዊ ቤት ምኽሪን ኣባላቱን ተፀዋዕነቶም/ተሓታትነቶም ንሕጊ፣ ንሕልናኦምን ንዝወከሎም ኣካል ይኸውን።

2. ፀሓፊ፣ ቤት ፅሕፈት፣ ሓባር ኮሚቴን ኮሚቴታትን ተፀዋዕነቶም ንኣካቢ ይኾውን፣ ኣካቢ ድማ ተፀዋዕነቱ ንጊዚያዊ ቤት ምኽሪ ይኸውን።

**ዓንቀፅ 9.** **<u>ዘበን ስራሕ</u>** ጊዚያዊ ቤት ምኽሪ

ዘበን ስራሕ ጊዚያዊ ቤት ምኽሪ ዘበን ስራሕ ጊዚያዊ ምምሕዳር ይኸውን።

**ዓንቀፅ 10.** **<u>ኣኼባ ጊዚያዊ ቤት ምኽሪ</u>**

1. ጊዚያዊ ቤት ምኽሪ ኣብ ክልተ ወርሒ ሓደ ጊዜ ስሩዕ ኣኼባ የካይድ።

2. ኣኼባ ጊዚያዊ ቤት ምኽሪ ሚድያታትን ተዓዘብቲን ኣብ ዘለዉዎ ብግልፂ ዝካየድ ይኸውን።

3. ይኹን እምበር ብፍሉይ ኩነታት እቲ ጊዚያዊ ቤት ምኽሪ 2/3 ድምፂ እንተኣሚንሉ ብዕፁው ይካየድ።

4. 1/3 ኣባላት ጊዝያዊ ቤት ምኽሪ ህፁፅ ኣኼባ ክግበር ብፊርማ ኣሰኒዮም ናብ ኣካቢ ቤት ምኽሪ እንተቕሪቦም፤ ኣካቢ ቤት ምኽሪ ኣብ ውሽጢ ሰሙን ህፁፅ ኣኼባ ይፅውዕ።

**ዓንቀፅ 11.** **<u>ተግባርን ሓላፍነትን</u> ጊዚያዊ ቤት ምኽሪ**

ጊዚያዊ ቤት ምኽሪ እዞም ዝስዕቡ ተግባርን ሓላፍነትን ይህልዎም።

1. ሓፈሻዊ ፖለቲካዊ፣ፀጥታዊ፣ ኢኮኖምያዊን ማሕበራዊን ኣንፈታት ትግራይ ብዝምልከት ብፈፃሚ ስራሕ ጊዝያዊ ምምሕዳር እንትቐርብ ተዘትዩ የፅድቕ ፣ ኣፈፃፅምኡ ይከታተል

2. ሕውየት ግዝኣታዊ ሓድነት፣ ብሄራዊ ስምረት ትግራይ ዘደንፍዑ ኣንፈታት ይትልም፣ ይሰርሕ፣ ኣፈጻፅማኦም ይቆፃፀር

3. ብፕረዚዳንት ጊዝያዊ ምምሕዳር ዝቕርቡ ሕፅያት ኣባላት ካቢኔ ይሸውም፣ የውርድ

4. ብፕረዝደንት ኣብ ዝቕረቡ ዓመታዊ ትልምን በጀትን ዘትዩ ውሳነ የዕርፍ ።

5. ኣብ ኩሎም መንግስታዊ ኣብያተ ዕዮ ዝወሃብ ግልጋሎት ፅሬት ዘለዎ፣ ስሉጥ፣ ፍትሓውን ተበፃሕነን ምኳኑ ብመፅናዕትን ዳህሳስን እናረጋገፀ እቶም ጥንካረታት ክዕቀቡን ዝተፈፀሙን ጉድለታት ድማ ተሓታትነት ክረጋገፀሎምን ይገብር፣ ናብ ዝምልከቶም ኣካላት ይመርሕ።

6. ብመንግስታዊ ኣካላት ዝፍፀሙ መደበት ብፍላይ ብህዝቢ መረረትን ጥርዓንን ዝቐርበሎም ጉዳያት ፀጥታ፣ ፍትሕን ሰናይ ምምሕዳርን ልምዓትን እናተፈላለዩ መፍትሒ ክግበረሎምን ክእረሙን ይከታተል።

7. ኣብ ከይዲ ኣፈፃፅማ ትልሚ ጊዚያዊ ምምሕዳር ዘሎ ጥንካረን ክፍተትን ንምፍላይ ኮሚቴታት ብምጥያሽ ኽትትልን ደገፍን ምሃብን ዘለዉ ተሞክሮታት እናተወደቡን እናተተንተኑን ከም እታዎት ንምጥቃም ብዘኽ እል ኣገባብ ብምድላው ንዝምልከቶ ኣካል ምቕራብ።

8. ብጊዚያዊ ምምሕዳር ዝተመደበ በጀትን ኣፈፃፅማን ፕሮጀክትን ሕግን ኣሰራርሓን መንግስቲ ተኸቲሉ ኣብ ስራሕ ክውዕል፣ ውፅኢቱ ክከታተል፣ ስርዓት ኦዲት ኣሰራርሓን መንግስቲ ተኸቲሉ ኣብ ስራሕ ክውዕል፣ ውፅኢቱን ክከታተል፣ ስርዓት ኦዲት ክጠናኸርን ውፅኢት ኦዲት ተግባራዊ ክኸውን ውፅኢቱ ምክትታል፣ ምድጋፍን፣ ተሓታትነት ምርግጋፅን

9. ስርዓት ግልፅነትን ተሓታትነትን ጊዚያዊ ምምሕዳር ንምርግጋፅ ዘኽእል ፀብፃብ ኣፈፃፅማ ስራሕ ጊዚያዊ ምምሕዳር ኣብ ሽዱሽተ ወርሒ ሓደ ጊዜ ብፕረዚደንት እናቐረበሉ ይግምግም፣ ደጋፊ ርእይቶ ይህብን መፍትሕታት ይሕብርን።

10. ንፈፃሚ ኣካል ጊዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ኣብ ዝደለዮ ፀዊዑ መብራህርሂ ክሓትት ይኽእል

11. ፀብፃብ ኣፈፃፅማ ትልሚ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ፣ ቤት ፅሕፈት ዋና ኦዲተርን ኤጀንሲ መራኸቢ ሓፋሽን ኣብ ሽዱሽተ ወርሒ ሓደ ጊዜ ብዝምልከቶም ሓለፍቲ እናቐረበሉ ይግምግም፣ መፍትሕታት ይሕብርን ኣንፈታት ይንፅርን፣ ዝተርኣዩ ጉድለታት እንትህልዉ ተሓታትነት ክረጋገፀሎም ይገብር።

12. ኣሰራርሓ ትእምት ብዝፈቕዶ መሰረት ትልሚ ኣብ ዘዳልወሉ ጊዜን ፀብፃብ ኣፈፃፅማ መደባትን ውፅኢት ኦዲትን ብዝምልከቶም ሓለፍቲ እናቐረበሉ ይግምግም፣ መፍትሕታት የቐምጥን ተሓታትነት ንምርግጋፅ ዘኽእሉ ስራሕቲ ይፍፅምን።

13. ንትእምት ዝመርሑ በቢ ዓውዱ ብቕዓት ዘለዎም ዳይሬክተራትን ም/ዳይሬክተራትን ብኣቕራብነት ኣካቢ ይምድብ፣ የውርድ

14. ፀብፃብ ስራሕ ትእምት በቢ 6+ ወርሒ ይሰምዕ፣

15. ጠቕላላ ስራሕቲ ትእምት ተኸታቲሎም ፀብፃብ ዘቕርቡ ሰብ ሞያ ዝሓዘ ኮሚቴ የጣይሽ፣ ኦዲት ፀብፃብ ይሰምዕን ኣብቲ ፀብፃብ ተሞርኪሱ ኣንፈት ይህብ

16. ብዝምልከቶ ኣካል በብዓመቱ ተፀኒዑ ዝቐርብ ቀመር ድልድል በጀት ኣብያተ ዕዮ ክልል፣ ምምሕዳር ወረዳን ከተማን ኣመልኪቱ መፅናዕቲ ብምክያድ የፅድቕ ።

17. ኣፈፃፅማ መደባት መንግስታዊ ኣብያተ ዕዮ ዲሞክራታይዜሽን ዘጎልብት፣ ፍትሓዊ ዝኾነ ምሕደራ ክህሉ ዝገብር፣ ንሕቶ ህዝቢ ክብሪ ዝህብ፣ ቅልጡፍ ምላሽ ንምሃብ ድሉው ዝኾነ ኣካል ክህሉ ብድምር ንጉዳያት ሰናይ ምምሕዳር ትኹረት ዝሃበ ግልጋሎት ክህሉ ንምግባር ምግምጋምን ኣብዚ ዝረአዩ ክፍተታት ክመሓየሹ ብእዋኑ ንፕረዝደንት መምርሒ ምሃብ።

18. ኣብ ዳግመ ህንፀትን ስርዓት ዲሞክታይዜሽንን ትግራይ ኮሚኒቲ ዲያስፖራ ዕዙዝ ግደ ተሳትፎ ክህልዎን ውፅኢት ብዘምፅእ ኣገባብ ንምትግባር ዘኽእሉ ስራሕቲ ክሳለጡን ይከታተልን ይድግፍን

19. ኣብያተ ፍርዲ ናይ ዳይነት ነፃነት ብዝሓለወን ተሓታትነት ብዘረጋግግፅን ኣገባብ ዝተወሃቦም ስልጣንን ብቕንዕና፣ ብተኣማንነትን ልዕልነት ሕጊ ብዘኽብርን ይፍፅሙ ምህላዎም ምክትታልን ምድጋፍን።

20. ዳያኑ ምምሕዳር ጉባኤ ብሕጊ ብዝተወሃቦም ስልጣንን ተግባርን መሰረት ጉድለት ዲሲፒሊን ካብ ብርኪ ሓላፍነትን ካብ ሓላፍነት ምውራድ ዝምልከቱ ጉዳያት ውሳነ እንትቕርበሉ ናይ መወዳእታ ውሳነ የሕልፍ

21. ብቤት ምኽሪ ተሰይሞም ኣባላት ዳያኑ ምምሕዳር ጉባኤ ኮይኖም ይሰርሑ ናይ ዝነበሩ ኣባላት ቤት ምኽሪ መተካእታ ዝኾኑ ካብ መንጎ ኣባላቱ ብኣቕራብነት ኣካቢ ይምደብ።

22. ፕረዚደንት ጊዚያዊ ምምሕዳር ብመሰረት ሕገ መንግስቲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዓንቀፅ 58 ንኡስ ዓንቀፅ 3 ፊደል ‘ረ’ ኣብ ዝምድቦም ፕረዝደንትን ምክትል ፕረዝደንትን ላዕለዋይ ቤት ፍርድን ዋና ኦዲተርን ክልል ትግራይ መርሚሩ ይሸውም ።

23. ኮሚሽን ተርጓሚ ሕገ መንግስቲ ትግራይ ብሕጊ መሰረት የጣይሽ፣ ይሸውም፣ ስርሑ ንምክያድ ዘኽእሎ ጥጡሕ ባይታ ንምፍጣር ምሽ ፕረዝደንት ጊዚያዊ ምምሕዳር ብምትሕብባርን ብምርድዳእን ይሰርሕ።

24. ጊዚያዊ ምምሕዳር ትግራይ ክሳብ ጣብያ ብርኪ ከም ናይ ክልል ተመሳሳሊ ሓቈፌ ክኸውን ይገብር፣ ኩሎም ኣብ ጊዚያዊ ቤት ምኽሪ ዝሳተፉ ኣካላት ኣብ ፈፀምቲ ክሳተፉ ይገብር

25. ሲቪል ማሕበራትን ሚድያን ንምጥንኻር መሪሕ ሰነድ ብምድላው ርክብ ምፍጣር፣ ኣፈፃፅምኡ ምክትታልን ምድጋፍን።

26. ምስ መዳውብቲ ክልላትን ወረዳታትን ዘሎ ርክብ ኣብ መትከልን ዕላማን ተመስሪቱን ማእኸሉ ረብሓ ህዝቢ ትግራይ ብዝገበረ፣ ምክብባርን ምድግጋፍን ብዘጎልብት ኣገባብ ክፍፀም ዝተፈላለዩ ኣሰራርሓታት የዳሉ፣ ከይዲ ኣፈፃፅማ ይከታተልን ይድግፍን።

27. ንስራሕቲ ጊዚያዊ ቤት ምኽሪ ሓገዝቲ ዝኾኑ ጉዳያት ንምስላጥን ኣብ ተግባር ዝርኣዩ ፀገማት ንምፍታሕን ዘኽእሉ ኣሰራርሓ ጊዚያዊ ቤት ምኽሪ ስነ-ምግባር ኣባላትን ኣመልኪቱ መምርሒ የውፅእ።

## ክፍሊ ሰለስተ

## ኣወዳድባን ስራሕን ሓላፍነት ኣካላት ጊዚያዊ ቤት ምኽሪ

**ዓንቀፅ 12. ኣካላት ጊዚያዊ ቤት ምኽሪ**

ጊዚያዊ ቤት ምኽሪ ዝህልውዎ ኣካላት፡-

1. ኣካቢ
2. ፀሓፊ
3. ሓባር ኮሚቴ፣
4. ዝተፈላለዩ ኮሚቴታት እዮም።
5. ኣመራርፃ ኣመራርሓ እዞም ኣካላት ብዝተኸኣለ መጠን ካብ ኩሎም ተሳተፍቲ እቲ ቤት ምኽሪ ዝሓቖፈ ይኸውን፡፤

**ዓንቀፅ 13. ኣካቢ**

ጊዚያዊ ቤት ምኽሪ ካብ ውሽጢ ኣባላቱ ብጊዚያዊ ቤት ምኽሪ ተሓርዩ ዝምደብ ኣካቢ ይህልዎ።

**ዓንቀፅ 14. ስራሕን ሓላፍነትን ኣካቢ**

ኣካቢ እዞም ዝስዕቡ ተግባርን ሓላፍነትን ይህልዎም።

1. ንጊዚያዊ ቤት ምኽሪ ብላዕለዋይነት የተሓባብር፣ ኣኼባ ይፅውዕን ይመርሕን፣
2. ጊዚያዊ ቤት ምኽሪ ዝተመያየጠሎም ኣጀንዳታት ይቐርፅ/የዳሉ
3. ንሓባር ኮሚቴ የተሓባብርን ይመርሕን፣ ዝመያየጡሉ ኣጀንዳ የዳሉ፣

4. ብመሰረት ውሳነ ሓባር ኮሚቴ ይኹን ብናይ ባዕሉ ተበግሶ ንኮሚቴታት ናብ ስራሕ የዋፍር፣
5. ነቲ ጊዚያዊ ቤት ምኽሪ ብምውካል ምስ ዝተፈላለዩ ኣካላት ርክብ ይገብር፣
6. ካብ ዝተወሃቦ ስራሕን ሓላፍነትን ነክዩ ንፀሓፊውክልና ክህብ ይኽእል፣

**ዓንቀፅ 15. <u>ፀሓፊ</u>**

ጊዚያዊ ቤት ምኽሪ ካብ ውሽጢ ኣባላቱ ብጊዚያዊ ቤት ምኽሪ ተሓርዩ ዝምደብ ፀሓፊ ይህልዎ።

**ዓንቀፅ 16. <u>ስራሕን ሓላፍነትን ፀሓፊ</u>**

ፀሓፊ እዞም ዝስዕቡ ተግባርን ሓላፍነትን ይህልውዎ።

1. ቃለ ጉባኤ ይሕዝ
2. ኣካቢ ኣብ ዘይህልወሉ እዋን ተኪኡ ይሰርሕ
3. ብኣካቢ ዝወሃብዎ ካልኦት ስራሕቲ ይሰርሕ።

**ዓንቀፅ 17. <u>ሓባር ኮሚቴ</u>**

1) ኣካቢ ዝመርሖ ፀሓፍን ኣከብቲ ኮሚቴታትን ዝሓቖፈ ኮሚቴ ይህሉ።
2) ኣባላት ኮሚቴ ብጊዚያዊ ቤት ምኽሪ ይምረፁ

**ዓንቀፅ 18. <u>ስራሕን ሓላፍነት ሓባር ኮሚቴ</u>**

ሓባር ኮሚቴ እዞም ዝስዕቡ ስራሕን ሓላፍነትን ይህልዎም።

1. ትልሚ ስራሕ ብምውፃእ ሓፈሻዊ ኣንፈት ኣመልኪቱ ንኮሚቴታት መምርሒ ይህብ፣
2. ንስራሕቲ ኮሚቴታት የተሓባብር፣ ይከታተል፣ ፀብፃብ ኣፈፃፀማ ስራሕ ኮሚቴታት ይምርምር፣ ደገፍይገብርን ከምኣድላይነቱ ንዝተርኣዩ ጉድለታት መአረምታ ይገብርን፣
3. በብወርሑ እናተኣከበ ኩነታት ስራሕ ጊዚያዊ ቤት ምኽሪ ኮሚቴታትን ይግምግምን፣ መፍትሕታት ይገብርን ኣንፈታት ይንፅርን፣
4. ሓዱሽ ቤት ዕዮ መንግስቲ እንትጣየሽ ወይ ለውጢ ኣወዳድባ እንትግበር ክትትልን ደገፍን ንክግበረሉ ንዝምልከቶ ቀዋሚ ኮሚቴ ይምድብ፣
5. ጊዚያዊ ቤት ምኽሪ ዝመያየጠሉ ኣጀንዳ ብኣካቢ መበገሲ ምስቀረበሉ ተመያይጡ ዝውስኽ ውሲኹ ዝንከ ነክዩ የዳሉ፣ ንሕድሕድ ኣጀንዳ ዘድልዮ እዋን ምይይጥ ይምድብ፣

6. ኣድላዪ ኮይኑ እንትርከብ ሓዱሽ ተወሰኺ ኮሚቴ ክጣየሽ ወይ ክንክ ዝግበኦ ንምንካይ መበገሲ ሓሳብ የዳሉን ብኣካቢ ኣቢሉ ንውሳነ ናብ ጊዚያዊ ቤት ምኽሪ ክቐርብን ይገብር፣
7. ኣካቢ ወይ ዝኾነ ኮሚቴ ወይ ኣባል ኮሚቴ ኣብ ዘቕረቦም ካልኦት ዋኒናት ተመያይጡ ውሳነ የሕልፍ።

**ዓንቀፅ 19.** **<u>ኮሚቴታት ጊዚያዊ ቤት ምኽሪ</u>**

ንኣፈፃፅማ መደባት ኣብያተ ዕዮ ጊዚያዊ ምምሕዳር ክትትል እናገበሩ ደገፍ ዝህቡን ዝከታተሉን ሓቛፉይነት ብዘረጋግፅ ካብ ኣባላት ጊዚያዊ ቤት ምኽሪ ዝተወፃፅኡ ኣባላት ዘለውዎም ሽዱሽተ ኮሚቴታት ይህልዉ።

1. ዝህልዉ ኮሚቴታት እዞም ዝስዕቡ እዮም።

ሀ.ኮሚቴ ጉዳያት ቁጠባዊ ልምዓት ፣

ለ.ኮሚቴ ጉዳያት መሰረተ ልምዓትን እግሪ ምትካልን፣

ሐ.ኮሚቴ ጉዳያት ማሕበራዊ ልምዓት

መ.ኮሚቴ ጉዳያት ምሕደራ ሃፍትን ኦዲትን፣

ረ.ኮሚቴ ጉዳያት ሰላም፣ ፍትሕን ዴሞክራታይዜሽንን፣

ሰ. ኮሚቴ ጉዳያት መናእሰይን ደቂ ኣንስትዮን

ሸ. ኮሚቴ ምርግጋፅ ግዝኣታዊ ሓድነት፣ ምምላስ ተመዛበልትን ምርግጋፅ ፍትሕን ተሓታትነትን ጀኖሳይድ እዮም።

2. ሕድሕድ ኮሚቴ ሸውዓተ ኣባላት ዝህልውዎም ኮይኑ ካብ ሕድሕዶም ዝምዘዙ ኣተሓባባርን ምክትልን ይህልውዎም።
3. ሕድ ሕድ ኮሚቴ ውክልና ፖለቲካዊ ውድባት፣ ስቪክ ማሕበራትን ተጋደልቲ ትግራይን ዘረጋግፅ ክኸውን ይግባእ
4. ኣተሓባበርትን ምክትላትን ኮሚቴታት በቶ ዝተሓረዩ ኣባላት ኮሚቴ ተሓርዮም ብኣቕራብነት ኣካቢ ብጊዚያዊ ቤት ምኽሪ ይስየሙ።
5. ኣተሓባበርትን ምክትላትን ኮሚቴታት በቀዋምነት ዝሰርሑ ኮይኖም ካልኦት ኣባላት ኮሚቴታት ግና ምስ ስርሖም ደሪቦም ዝሰርሑ ይኾኑ።
6. ሓፈሻዊ ተግባርን ሓላፍነትን ኮሚቴታት ኣብ ኣፈፃፅማ ትልሚ ጊዚያዊ ምምሕዳርን ትካላት ትእምትን ዘለው ጥንካረታት ጉድለታትን ብዳህሳስ ብምርግጋፅ ምስ መፍትሒ ሓሳቡ

ንዝምልከቶም ኣብያተ ዕዮ ምኽረ-ሓሳብ ምቕራብ፣ ናብ ጊዚያዊ ቤት ምኽሪ ምቕራብ ኮይኑ ሓባራውን ናይ ሕድሕድ ኮሚቴን ዝርዝር ተግባርን ሓላፍነትን ጊዚያዊ ቤት ምኽሪ ብዘውፅኦ መምርሒ ዝውሰን ይኸውን።

**ዓንቀፅ 20. <u>ቤት ፅሕፈት ጊዚያዊ ቤት ምኽሪ</u>**

1. ቤት ፅሕፈት ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ ኮይኑ ዘገልግል ዝነበረ ህንፃ ቤት ፅሕፈት ጊዚያዊ ቤት ምኽሪ ኮይኑ ዘገልግል ይኸውን።
2. ንቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ ግልጋሎት ክህብ በሕጊ ተጣይሹ ዝፀንሐ ቤት ፅሕፈት ቤት ምኽሪ ክልል ተባሂሉ ዝፅዋዕ ዝነበረ ኣብ እዋን ጊዚያዊ ምምሕዳር ቤት ፅሕፈት ጊዚያዊ ቤት ምኽሪ ኮይኑ የገልግል።
3. እቲ ቤት ፅሕፈት በጀትን ሓይሊ ሰብን የመሓድር።

<u>**ክፍሊ ኣርባዕተ**</u>

<u>**ዝተፈላለዩ ድንጋገታት**</u>

**ዓንቀፅ 21. <u>በጀት</u>**

ፍልፍል በጀት ጊዚያዊ ቤት ምኽሪ

1. ጊዚያዊ ምምሕዳር ካብ ዝምድቦ በጀት፣
2. ካብ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላት ዝርከብ ሓገዝ ይኸውን፣
3. እቲ ዝተመደበን ብሓገዝ ዝተረኸበን በጀት ብመሰረት ኣሰራርሓን ሕግን መንግስታዊ ፋይናንስ ይመሓደርን ኦዲት ይግበርን።

**ዓንቀፅ 22 ምፍልፋል ኣጀንዳታት ጊዚያዊ ቤት ምኽሪ**

1. ኣብ ጊዚያዊ ቤት ምኽሪ ክዝተየሉን ውሳነ ክወሃበሉን ኣጀንዳ ዝሓዘ ኣካል ኣጀንዳ ክተሓዘሉ ንኣካቢ የፍልጥ
2. ኣካቢ እንተዘይተቐቢልዎ ግና ኣካቢ ዝሓዞም ኣጀንዳታት ነቲ ጊዚያዊ ቤት ምኽሪ ምስ ኣፍለጠ ኣጀንዳ ይተሓዘለይ ዝብል ኣካል ከም ኣጀንዳ ክተሓዘሉ ንጊዚያዊ ቤት ምኽሪ ሕቶ የቕርብ፣
3. ጊዚያዊ ቤት ምኽሪ ብኣብዘሓ ድምፂ እንተተቐቢልዎ ከም ኣጀንዳ ይተሓዝ

**ዓንቀፅ 23. <u>ምምሕያሽ ደንቢ</u>**

እዚ ደንቢ ብኣብዝሓ ድምፂ ኣባላት ጊዚያዊ ቤት ምኽሪ ብኽፋል ወይ ብሙሉእ ክመሓየሽ ይኽእል።

**ዓንቀፅ 24. <u>መምርሒ ናይ ምውፃእን ምምሕያሽን ስልጣን</u>**

ጊዚያዊ ቤት ምኽሪ ንስርሑ ኣድለይቲ ዝኾኑ መምርሒታት ናይ ምውፃእን ምምሕያሽን ስልጣን ይህልዎ።

**ዓንቀፅ 25. <u>እዚ ደንቢ ኣብ ስራሕ ዝውዕልሉ እዋን</u>**

እዚ ደንቢ ጊዚያዊ ቤት ምኽሪ ካብ ዝፀደቐሉ ዕለት -----/2016 ዓ/ም ጀሚሩ ኣብ ስራሕ ይውዕል።